# ኣብ ምርምር ተሳታፊ ንምኳን ዝወሃብ ናይ ወላዲ ፍቓድ

ውላድካ ኣብ'ዚ ናይ ምርምር መጽናዕቲ ተሳታፊ ንክኾን ፍቓድ ክትህብ ትሕተት ኣለኻ። ቅድሚ ምስምማዕኻ፣ ጽሟቕ ጽሑፍ ናይ እቲ ምርምር መጽናዕቲ ክቐርበልካ ኣለዎ። እዚ ናይ ጽሟቕ ጽሑፍ እዚ ውላድካ ኣብ'ዚ መጽናዕቲ እዚ ተሳታፊ ንክኸውን ወይ ዘይክኸውን ዝህልወካ ድልየት ዝተመርኮሰሉ ምኽንያት ንምርዳእ ዘኽእለካ ቁልፊ ሓበሬታ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ።

ቅድሚ ምስምማዕኻ፣ እቲ ተመራማሪ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ክነገረካ ኣለዎ:

(i) ዕላማ፣ መስርሕን ጻንሒት ግዜ እቲ ምርምር
(ii) ዝኾኑ ዝካየዱ ናይ ፈተነ መስርሓት
(iii) ዝኾኑ ብምኽንያታዊ ኣራኣእያ ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ተባሂሎም ግምት ዝወሃቦም ሓደጋታት፣ ዘይምቾታትን ናይ'ቲ ምርምር ረብሓታትን፤
(iv) ዝኾኑ ጠቓምቲ ክኾኑ ዝኽእሉ መስርሓት ወይ ሕክምናታትን
(v)ምስጢር ብኸመይ ከምዝሕሎ፤ እና
(vi) ሕቶታት፣ ስምዕታታትን ጉድኣታትን ኣብ ዝህልዉ ንመን ምርካብ ከምዝከኣል

ከም ተፈጻሚነቱ፣ እቲ ተመራማሪ ብዛዕባ እዞም ዝስዕቡ ጉዳያት እውን ክነግረካ ይግባእ:

(i) ዝኾኑ ጉድኣታት ኣብ ዘጋጥሙሉ እዋን ዝወሃቡ ካሕሳታት ወይ ሕክምናታት፤
(ii) ዘይታሓሰቡ ሓደጋታት ኪጋጥሙ ዝኽእሉሉ ዕድል፤
(iii) እቲ ተመራማሪ ናይ ውላድካ ተሳትፎ ከቋርጽ ዝኽእለሉም ኩነታት፤
(iv)ዝኾነ ይኹን ተወሳኺ ወጻኢታት ንዓኻ ወይ ንውላድካ፤
(v) እንተደኣ ውላድካ ኣብ'ዚ ምርምር ዝህልዎ ተሳትፎ ከተቋርጽ ወሲንካ እንታይ ከምዘጋጥም፤
(vi) ብዛዕባ እቶም ውላድካ ክሳትፍ ናይ ምፍቃድ ድልየትካ ክጸልዉ ዝኽእሉ ሓደሽቲ ነገራት መዓስ ክንገረካ ከምዘለዎ፤
(vii) ኣብ'ቲ መጽናዕቲ ክንደይ ሰባት ተሳተፍቲ ከምዝኾኑን
(viii) ናይ ውላድካ ናይ ሕክምና ሓበሬታ ኣብ ጥቕሚ ንክውዕል ብኸመይ ፍቓድ ክትህብ ከም ትኽእል።

ውላድካ ኣብ'ዚ ምርምር እዚ ዝህልዎ ተሳትፎ ብወለንታዊነት ዝግበር ኮይኑ፣ እንተደኣ ውላድካ ኣብ'ዚ ምርምር እዚ ከይሳተፍ ወሲንካ ፣ ኣብ ልዕሊ ውላድካ ዝወርድ ዝኾኑ ዓይነት ቅጽዓት ኣይህልውን ወይ ዝስእኖ ረብሓ ኣይክህሉን። ኣብ'ዚ ሰነድ እዚ ክታምካ ኣንቢርካ ማለት፣ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተገልጸ ሓበሬታ ሓዊሱ፣ ብዛዕባ እቲ መጽናዓቲ ቃላዊ መብርሂ ተዋሂቡካን፣ ውላድካ ኣብ'ዚ ምርምር ኣዚ ተሳታፊ ንክኾን ብወለንታዊነት ወሲንካ ኣለኻን ማለት እዩ። እንተደኣ ውላድካ ኣብ'ዚ ምርምር ተሳትፊ ክኾን ፍቓድካ ሂብካ፣ ናይ'ዚ ሰነድ እዚ ክታም ዝዓረፎ ቅዳሕን ብቋንቋ እንግሊዘኛ ዝተዳለወ ናይ'ቲ ምርምር ጽሟቕን ክወሃበካ ኣለዎ ማለት እዩ።

**ሕቶታት?**

እንተደኣ ብዛዕባ እዚ መጽናዕቲ ሕቶታት፣ ስምዕታታት፣ ብሰንኪ እዚ መጽናዕቲ ዘጋጥሙኻ ጉድኣታት ወይ ስክፍታት ኣለዉኻ ኮይኖም፣ በቲ ኣብ ውሽጢ እቲ ጽሑፍ ጽሟቕ ዘሎ ቁጽሪ ስልኪ ተጠቒምካ ምስ እቲ ተመራማሪ ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ። እንተደኣ ብዛዕባ ውላድካ ከም መጠን ተሳታፊ እቲ ምርምር ዝህልዉዎ መሰላት ሕቶታት ኣለዉኻ ኮይኖም ወይ ምስ'ቲ ተመራማሪ ክተካፍሎም ዘይትደልዮም ሕቶታት፣ ስምዕታታት ወይ ስክፍታታት ኣለዉኻ ኮይኖም፣ ኣብ ውሽጢ እቲ ብጽሑፍ ዝተዳለወ ናይ እቲ ምርምር ጽሟቕ ዝርከብ ቁጽሪ ስልኪ ወይ ናይ ኢሜይል ኣድራሻ ተጠቒምካ ምስ University of Utah Institutional Review Board Office (ኡታህ ዩኒቨርሲቲ ቤት ጽሕፈት ቦርድ ትካላዊ ገምጋም) ክትራኽብ ትኽእል ኢኻ።

____________________________
ስም ቆልዓ

| ____________________ | ____________________ | ____________________ |
|---|---|---|
| ስም ወላዲ/ኣላዪ | ክታም ወላዲ/መዕበዪ | ዕለት |

______________________________
ወላዲ/መዕበዪ ምስ ቆልዓ ዘለዎ ርክብ

ኣብ ናይ'ዚ ምርምር መጽናዕቲ መስርሕ ምሃብ ፍቓድ ከም ተርጓማይ ኮይነ ተሳታፊ ከም ዝነበርኩ የረጋግጽ ኣለኹ። ኣብ መንጎ ናይ ወላዲ/መዕበዪ ቋንቋን ቋንቋ እንግሊዘኛን ናይ ትርጉም ኣገልግሎት ንምሃብ ዘኽእል ብቕዓትን ኣድለይቲ ዝበሃሉ ክእለታትን ከምዘለዉኒ የረጋግጽ ኣለኹ። ኣብ'ዚ ቅጥዒ እዚ ከታመይ ብምንባር፣ ኣብ መንጎ እቲ ፍቓድ ዝሓትት ተመራማሪን ናይ'ቲ ተሳታፊ ወላዲ/መዕበዪ ንዝነበረ ዝርርብ፣ ዓቕመይ ብዝፈቕዶ ኩሉ፣ ምሉእ ዝኾነ ትርጉም ከምዘቕረብኩ የረጋግጽ ኣለኹ።

| | | |
|---|---|---|
| ______________________________ | ______________________________ | ______________________________ |
| ስም ተርጓማይ | ክታም ተርጓማይ | ዕለት |

ኣገዳሲ፡ እዚ ስዕብ ነቲ 2ይ ወላዲ ዝኸውን ናይ ክታም ብሎክ፣ ብ IRB ተሓቲቱ እንተዘይኮይኑ ምስ'ዚ ክጠቓለል የብሉን።

| | | |
|---|---|---|
| ______________________________ | ______________________________ | ______________________________ |
| ስም 2ይ ወላዲ/መዕበዪ | ክታም 2ይ ወላዲ/መዕበዪ | ዕለት |

______________________________
እቲ 2ይ ወላዲ/መዕበዪ ምስ'ቲ ቆልዓ ዘለዎ ርክብ

ካብ'ቲ ካልኣይ ወላዲ/መዕበዪ ፍቓድ ክርከብ ኣይኸእልን፣ ምኽንያት እዚ ድማ (ነቲ ኩነታት ዝምልከት ነገር ክትምረጽ ንላበወካ፣ 45 CFR 46.408)፡

- ☐ እቲ ወላዲ/ኣላዪ ሞይቱ እዩ።
- ☐ እቲ ወላዲ/ኣላዪ ኣይፍለጥን።
- ☐ እቲ ወላዲ/ኣላዪ ብቕዓት የብሉን።
- ☐ ወላዲ/መዕበዪ ምኽንያታዊ ብዝኾነ መገዲ ክርከብ ኣይኸእልን።
- ☐ ብዛዕባ ናይ'ቲ ቆልዓ ክንክንን ኣተዓባብያን ዝምልከት ሕጋዊ ሓላፍነት ዘለዎ ሓደ ወላዲ ጥራሕ እዩ።